# ም ስ ጋ ና

ብምኽንያት ሞት ሓፍትናን ጓልናን ኣድሓነት ዓንዱ፣ ዝተጓነፈና መሪር ሓዘን፡ ካብ ቀረባን ካብ ርሑቕን ብህጹጽ ተጓዒዝኩም ኣብ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ዝተሳተፍኩም ኤርትራውያን ዜጋታትን ወጻእተኛታትን፤ ከምኡ ኸኣ ብቴለፎን፡ ብኢ-መይል፡ ኣብ ኢንተርነት ዓምድታት ብምጽሓፍን ኣብ ገዛና ብምምጻእን ንኽተጸናንዑና ዝገበርኩሞ ጻዕሪ ነመስግን። ሕሰም ከኣ ኣይትርከቡ ንብል።

ተራ ሓፍትና ኣድሓነት ዓንዱ ኣብ ቃልሲ ኮነ ድሕሪ ኣብ ወጻኢ ምምጽኣ በቲ ርህሩህ ልባ፡ ዓቕማ ዘፍቅዶ ካበየናይ ዘርኢ ወይ ካበየናይ ሃገር ዝመጸ'ዩ ብዘየገድስ ዘይሕለል ደገፈታን ሞራልን ክትህብ ምጽንሓ ዘረጋግጽ ገለጻታትን ሓበሬታታትን ካብ ኩሉ መኣዝናት ምስ ተነግረ፣ ዘሓብን ታሪኽ ናይ ሓብትና፡ ሓበን ኩልና ኮይኑ ረኺብናዮ። *__ኣድሓነት ዓንዱ መሓዛ ኩሉን ኣደ ብዙሓትን ምኻና ኸኣ ኣረጋጊጽና__*።

ኣድሓነት ዓንዱ ንቤተ-ሰባ ጥራሕ ኣይኮነትን ተፈልያን ኣሕዚናን፤ ኣድሓነት ንኹሎም መቃልስታ፣ ንመላእ ሕብረተ-ሰብና፣ ንኹሉ ዝጽበያ ጽጉምን ዘጥረየቶም መሓዙትን እያ ተፈልያን ኣሕዚናን። ስለዚ ንሓብትና መንግስተ ሰማይ የዋርሳ እንዳበልና ጸሎትና ብምግባር፡ ሓዘና ካብ ጽባሕ ዕለት 23-04-2005 ከም ዝዓጸና ንፍተውቲ ብትሕትና ንገልጽ።

<u>ካብ፡-</u>

*ኣዳል ተስፋይ፣ ግደይ ዓንዱ (ልጃም ጴጥሮስ)፣ ሳባ ዓንዱን ኩሎም ስድራ-ቤትናን*

**<u>NB:</u>** ኤርትራውያን ናይ ኢንተርነት መርበባት፡ ነዓና ንቤተ-ሰብ ኮነ ንፈተውትና በዚ ዝተረኸበ ናይ ሓብትና መሪር ሓዘን መሰረት፡ ዝገበራልና ዘይሕለል ትጉህ ኣገልግሎት ከየመስገና ክንሓልፎ ኣይንደልን።